ሰብ ሕድሪ ሲቪል
ማሕበረ-ሰብ ትግራይ
ትግራይ ፡ መቐለ

Seb-Hidri Civil Society of Tigray

Tigray, Mekelle

# ካብ ሰብ ሕድሪ ዝተዋህበ እዋናዊ መግለጺ

ህዝቢ ትግራይ ዶቡ ነጺሩ ዝፈልጥ፡ ኣብ መንነቱን ዶባቱን ክንዲ ፍረ ጣፍ ዝኸውን ሕቶን ጥርጣረን ዘይብሉ፣ ንቕድሚት ውን ክህልዎ ዘይኽእል መስርዕ ቃልሱ ዝነጸረ ህዝቢ እዩ። ኮይኑ ግን ካብ ቀረባ ዓመታት ጀሚሩ ብሹም ኣሳሽ መንነት' ዝንቀሳቀሱ ዘመናውያን ሽቃጦ፤ ኣብ ዝተፈላለዩ ምስ ኣምሓራ ክልል ዝዋሰኑ ከባቢታት ህውከት ክፈጥሩ ፈተንታት ክካይዱ ተራእዮም እዮም። እቲ ሓቂ ግን ይትረፍ ራያ ኣላማጣን ወልቃይትን ዝኣክል ሕምብርቲ ትግራይ፥ እቲ ምእንተ ምጥዓም ምሕደራ ፌደራሊዝም ተባሂሉ ሎሚ ናብ ኣምሓራ ተኸሊሉ ዝርከብ መሬት ትግራይ ውን እንተኾነ ካብ ትግራይ ወጻእ ኮይኑ ዝቕጽል ስርዓት ፌደራሊዝም ክሳብ ዘሎ ጥራሕ ምኻኑ ምግንዛብ የድሊ።

እዚ ሓቂ ዘይተዋሕጠሎም ኢሉ ውን ምእንተ ሰላም ክበሃል ዝተራእየ ትዕግስቲ ፍርሒ ዝመሰሎም ወረርቲ ሓይልታት ግን ተደጋጋሚ ኣብ ልዕሊ መንነትን ግዝኣትን ትግራይ ምትንኻስ ቀጺሎም ኣለዉ። ናይዚ መርኣያ ድማ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ሰሮቓ ኣብ ዘካየዱዎ ኣኼባ ግልጺ ወራር ኣዊጆም እዮም። ብ11/02/2011 ዓ.ም. ኣብ ኣላማጣ ዝተራእየ ዕግርግር ውን ናይዚ መቐጸልታ እዩ።

ሰብ ሕድሪ ንክምዚ ዝበሉ ካብ ወረርቲን ተስፋሕፋሕቲን ሓይልታት ዝመጹ ምትንኻፋት ብትሪ ይኹንኖም ጥራሕ ዘይኮነስ ምስ ህዝቢ ትግራይ ተሰሊፉ ክምዝፋለሞም ውን የፍልጥ። እዚ ክምዚ እናሃለወ፤ ኣብ ዝፈላለዩ ከባቢታት ትግራይ ዝጸንሑ ናይ ሰናይ ምምሕዳር፣ ልዕልነት ሕጊን፣ ፍትሒን ጸገማት ነቶም ሕዚ ዝራኣዩ ዘለዉ ናይ ወረርቲ ሓይልታት ኣጀንዳታት ድኹዒ ኮይኖም ጥጡሕ ባይታ ከምዝፈጠሩሎም ሰብ ሕድሪ ይኣምን። ስለዝኾነ ብ/ክ/መ/ትግራይ ጸገማት ኣብ ምፍታሕን ተጻባእቲ ሓይሊታት ሰላም ህዝብና ንምዝራግ ቆሪጾም ተላዒሎም እናሃለዉ እኹል ምድላዋት ክይተገበረ ጸኒሑ ኣብ ኣፍንጫና ኣትዮም ሰላምና ክናግው ምክኣሎም ዓብዪ ናይ ድሕነትን ጸጥታን ውድቀት ከምዘሎ ዘብርህ እዩ። ክምዚ ዝበለ ድሕነት ህዝቢ ትግራይ ናብ ሓደጋ ዘእተወ ውድቀት ድማ ተሓታቲ ክህልዎን ህዝቢ ክፈልጦ እኹል መብርሂ ክወሃበሉን ንጽውዕ። ብኣጋ ክእረም ዘለዎ ምኳኑ ውን ነተሓሳስብ።

ኣብ መወዳእታ ህዝቢ ኣላማጣ ብትግራዋይነቱ ዝኾርዕ ጅግና ህዝቢ ምኳኑን ንናይ ተስፋሕፋሕቲን ወረርቲን ኣጀንዳ ብዕቱብ ዝቀለስ ውሓለ ትግራዋይ ህዝቢ ምኻኑ ዘለና ወገናዊ ሓበን እንዳገለጽና፤ ህዝቢ ራያ ኣላማጣ ኣጀንዳ ወረርቲን ተስፋሕፋሕቲን ኣብ ምፍሻል ኮነ ሰናይ ምምሕዳር፣ ልምዓት፣ ፍትሒን ልዕልና ሕጊን ኣብ ምርግጋጽ ንዝገብሮ ቃልሲ ሰብ ሕድሪ ኣብ ጎኑ ጠጠው ከምዝብል የፍልጥ።

በቲ ወረርቲ ዝፈጠርዎ ኣውክት ኣብ ልዕሊ ህይውት፣ ኣካልን ንብረትን ዜጋታትን ኣኸበርቲ ሕግን ዝበጽሐ ጉድኣት ዝተሰምዐና ሓዘን እንዳገለጽና፤ ብ/ክ/መ/ት ትግራይ ሰላም ህዝብና ክሳብ ዝናጋዕ ንዘርኣዮ ስንፍና ብትሪ ንኹንን።

ሰብ ሕደሪ ሲቪል ማሕበረ-ሰብ ትግራይ

ጥቅምቲ 12/2011

መቐለ

ቁጽሪ ቴለፎን፡ 0910070174/0914262298/